ኖርወይ

EUROPEAN UNION AGENCY FOR ASYLUM

# ብዛዕባ ዩሮዳክ (EURODAC) ክትፈልጥዎ ዘለኩም



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

እዚ በራሪ ወረቐት ትቕበል ዘለኻ፣ ባዮሜትሪክ መረዳእታኻ ብሰበስልጣን ክውሰድ ስለዘድልዮ እዩ።



ባዮሜትሪክ መረዳእታ ማለት ኣሰር ኣጻብዕትን ስእልኻን ማለት እዩ።



እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

ኣብዚ መስርሕ ዘለካ መሰላትን ካባኻ ትጽቢት ዝግበሩ ነገራትን ኣብዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ክትረኽቦም ኢኻ።

## ዩሮዳክ (EURODAC) እንታይ ማለት እዩ?

ዩሮዳክ ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ናይ ዝኣትዉ ዝተወሰኑ ምድባት ሰባት ሓበሬታ ዝዕቅብን ዘነጻጽርን ኤውሮጳዊ ዳታቤዝ እዩ። እዞም ምድባት እዚኣቶም ኣብዚ በራሪ ወረቐት ብዝርዝር ተገሊጾም ኣለዉ።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእላ። ብዘይ ፍቓድ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተጓዒዝካን ኣሰር ኣጻብዕትኻ እንደገና እንተተወሲዱን፣ ኩሉ እቲ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዳታኻ ብሰበስልጣን እታ ሃገር ክረአ እዩ። ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት፣ መረዳእታኻ ብሓድሽ ሓበሬታ ክመሓየሽ እዩ።

## ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝበሃላ ኣየኖት እየን?

**ሕጂ ኣብ ኖርወይ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**


እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

## ዕላማ ዩሮዳክ እንታይ እዩ?

ዩሮዳክ ሓሙሽተ ቀንዲ ዕላማታት ኣለዎ፡-

- ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣየነይቲ ሃገር ንኣህጉራዊ ሓለዋ ዝምልከት መመልከቲ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ከምዘለዋ ንክውስና ንምሕጋዝ
- ስሩዕን ዘይስሩዕን ስደት ናብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንምክትታል ንምሕጋዝ
- ኣብ መንጎ ሃገራዊ ሰበስልጣን ሓበሬታ ንምክፋልን ገበንን ግብረሽበራን ንምክልኻልን
- ናብ ኤውሮጳ ዝኣትዉ ህጻናት ሃለዋቶም ክፍለጥን ክሕለዉን ከም ዝኽእሉ ንምርግጋጽ
- ካልኣት ብዛዕባ ከም ቪዛ ዝኣመሰሉ መዳያት ሓበሬታ ዝሓዙ ናይ ኤውሮጳ ዳታቤዛት ብትኽክል ከም ዝሰርሑ ንምርግጋጽ።



## ኣብ ዩሮዳክ ናይ መን ዳታ እዩ ዝኽዘን?

ዩሮዳክ ዳታ ናይቶም ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ዝሓዘ ኮይኑ፣ እዚኦም ድማ፡-

- ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዘመልከቱ
- ብዘይ ፍቓድ ዶብ ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝሰገሩ
- ኣብ ባሕሪ ሂወቶም ድሕሪ ምድሓኖም ናብ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝተሳገሩ
- ኣብ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝጸንሑ
- ብናይ ሕብረት ኤውሮጳ ዳግመ-ምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ምቕባል ፕሮግራም ወይ ሃገራዊ መደብ ዳግመ-ምጥያስ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝኣተዉ
- ግዝያዊ ሓለዋ ዝረኸቡ

## መረዳእታይ መን ክሪኦ ይኽእል?

ኣብታ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝርከቡ ሃገራዊ በዓል መዚ ዑቕባ ናትካ ባዮሜትሪክ ዳታ ወሲዶም ምስ ካልኦት ኣገደስቲ መረዳእታታት ብሓባር ናብ ዩሮዳክ ከመሓላልፉን ውጽኢት ናይቲ ምውድዳር ክረኽቡን እዮም።

ትካል ምትሕብባር ኣኸበርቲ ሕጊ ሕብረት ኤውሮጳን (EU Agency for Law Enforcement Cooperation) ሃገራዊ ፖሊስን ንዕላማ ምክልኻል፣ ምፍላጥን ምጽራይን ከበድቲ ገበናትን ግብረሽበራን ናብ ዩሮዳክ ክኣትዉ ክሓቱ ይኽእሉ። ኣብ ዩሮዳክ ዳታኻ ክደልዩ ይኽእሉ እዮም።

> ❗ **ኣገዳሲ!** ኣብ ሃገርካ ዘለዉ ሰበስልጣን ነዚ ሓበሬታ ክረኽብዎ ኣይክእሉን እዮም።

## ኣሰር ኣጻብዕተይ ንምሃብ እንተኣቢየ እንታይ ይኸውን?



ብሕጊ ባዮሜትሪክ ዳታኻ ከተቕርብ ግዴታ ኣለካ።

ኣሰር ኣጻብዕትኻ ዘድልዩሉ ኣገደስቲ ምኽንያታት ኣለዉ። ዑቕባ ሓቲትካ እንተኾንካ እዚ ኣድላዪ ስጉምቲ እቲ መስርሕ እዩ።

መረዳእታ ኣሰር ኣጻብዕቲ ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝርከቡ ኣባላት ስድራቤት ንምርካብ እውን ክሕግዝ ይኽእል።

ጫፍ ኣጻብዕትኻ እንተተበላሸዩ፡ ኣብ መጻኢ ዳግማይ ኣሰር ኣጻብዕቲ ክውሰድ እዩ።

ኮነ ኢልካ ኣሰር ኣጻብዕትኻ እንተኣበላሺኻዮ፡ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህሉ እዩ።

ንኣብነት ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣቕሪብካ እንተኾንካ እቲ ኣገባብ ደው ክብል ይኽእል እዩ።

ኣብ ጉዳይካ እቲ መስርሕ ደው እንተ ኢሉ፣ እዚ ማለት ድሕሪ ደጊም ከም ኣመልካቲ (ሓታቲ ዑቕባ) ኣይትቖጸርን ኢኻ ማለት እዩ። ምስቲ ኩነታት ዝተኣሳሰር ናይ ሕጂን ናይ መጻኢን ኩሉ መሰላት ክትስእን ኢኻ።

ሰበስልጣን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ባዮሜትሪክ ዳታኻ ንምርካብ ብሓይሊ ምግዳድ ከም ናይ መወዳእታ መማረጺ ክጥቀሙ ይኽእሉ። ከምኡ'ውን ከም ናይ መወዳእታ መዐቀኒ መንነትካ ንምውሳን ወይ ንምርግጋጽ ክኣስሩኻ ይኽእሉ እዮም።

ኣብዛ ሃገር ንዝርከቡ ሰበስልጣን ናይ ኣሰር ኣጻብዕትኻ ዳታ ምሃብ እንተኣቢኻ፡ ፍሉይ ሳዕቤን ክህሉ እዩ።

## ብዛዕባ ናይ ዩሮዳክ መረዳእታ ናተይ መሰላት እንታይ እዮም?

ኩለን ሃገራት EU+ ንኣጠቓቕማ ዳታ ዝቆጻጸር በዓል መዚ ኣለወን። ምስ ተቖጻጻሪ መረዳእታን ሓላፊ ሓለዋ መረዳእታን ክትራኸብን ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዳታኻ ንክትረክብ ክትሓትትን መሰል ኣለካ።

ሓበሬታኻ ክእረም ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፣ ከም ዝስዕብ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ፡

- ቅኑዕ ዘይኮነን ክእረም ዘለዎን እንተኾይኑ
- ምሉእ ዘይኮነን ምዕራፍ ዘድልዮን እንተኾይኑ

ከም ዝስዕብ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ ሓበሬታኻ ንክድምሰስ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ

- ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ዩሮዳክ ኣትዩ እንተኾይኑ

ዝርዝር ርክብ ናይቲ ተቖጻጻሪ መረዳእታን ሓላፊ ሓለዋ መረዳእታን ኣብ ናይ መወዳእታ ገጽ ናይዚ በራሪ ወረቐት ኣብ **'ካልእ ጠቓሚ ሓበሬታ'** ዝብል ኣርእስቲ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ዳታኻ ወግዓዊ ጥርዓን ከተቕርብ ምስ እትደሊ፣ ምስ ሃገራዊ ተቖጻጻሪ በዓል መዚ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ዝርዝር ርክብ ናይቲ ሃገራዊ ተቖጻጻሪ በዓል መዚ ኣብ መወዳእታ ገጽ ናይዚ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

# ካልእ ጠቓሚ ሓበሬታ

## ሓበሬታ ብዛዕባ ዝርዝር ርክብ ቤት ጽሕፈት ተቖጻጻሪ መረዳእታ

ኣብ ታሕቲ ምስ ቤት ጽሕፈት ተቖጻጻሪ መረዳእታን ሓላፊ ሓለዋ መረዳእታን ኣብዛ ሃገር ብኸመይ ከም እትረኽብዎ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ተቖጻጻሪ መረዳእታ ኣየናይ ውልቃዊ ዳታኻ ኣብ ዩሮዳክ ከም ዝተዓቀበ ክሕብረካ ይኽእል። ውልቃዊ ዳታኻ ብትኽክል እንተዘይተዓቂቡ፡ እዚ ዳታ ክእረም ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ዝኾነ ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝተታሕዘ ኮይኑ እንተተሰሚዑካ እዚ ሓበሬታ እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ናይ ርክብ ሓበሬታ ብምጥቃም ንክስረዝ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

መሰላትካ ብዝቐለለ ንምጥቃም ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክትውከሶም ትኽእል ኢኻ (ሓባራዊ መራኸቢ-ነጥቢ)፡ ውላቂ ሓበሬታትካ ፖሊስ መዝጊበሞ ክነሱ ኢዩ። ይኹን ድኣ'ምበር እንተድኣ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ውልቃዊ ሓበሬታታትካ ዝምልከት ሕቶ እንትልዩካ ኣብ እንዳ ፖሊስ ዘለዉ ተጸዋዕቲ ናይ ዓቀብቲ ዉልቃዊ ሓበሬታታት ክትውከሶም ትኽእል ኢኻ።

**ሓባራዊ መራኸቢ-ነጥቢ ኣብ እንዳ  ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI:**

https://www.udi.no/kontakt-oss/

**እንዳ ፖሊስ ዘለዉ ተጸዋዕቲ ናይ ዓቀብቲ ዉልቃዊ ሓበሬታታ፡**
politidirektoratet.personvernombud@politiet.no

## ሓበሬታ ብዛዕባ መሰላት ናይቲ ናይ መረዳእታ ርእሰ ነገር

ኣብዛ ሃገር፡ ንኣጠቓቕማ ውልቃዊ መረዳእታኻ ብዝምልከት እዞም ዝስዕቡ ፍሉያት መሰላት ኣለካ።

ንውልቃውያን ሓበሬታትትካ ብኸመይ ከም እንትሓሕዞን ኣብ ስርዓተመዝገብና ንዝተመዝገብካ ኣያኖት መሰላት ከም ዘለውኻን ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታታት ኣብ ኣዋጅ ዕቀባ ውልቃውያን ሓበሬታታት ናይ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ክርከብ ይከኣል ኢዩ። .

ኣዋጅ ዕቀባ ውልቃውያን ሓበሬታታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ UDI ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፡
https://www.udi.no/om-udi/utlendingsdirektoratet-udis-personvernerklaring/

## ሓበሬታ ብዛዕባ ዝርዝር ርክብ ሃገራዊ ተቖጻጸርቲ በዓል መዚ

ጥርዓን ከተቕርብ እንተድኣ ደሊኻ ጥርዓንካ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኢኻ ትሰዶ።

Utlendingsdirektoratet
Postboks 2098 Vika
0125 Oslo

ጥርዓንካ ንተቛጻጸርቲ መዚ ሓበሪታታት/Datatilsynet እውን ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። .

ብዝዕባ እዚ ዝምልከቱ ሓበሬታታት ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ተቛጻጸርቲ መዚ ሓበሪታታት/datatilsynet ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ
: https://www.datatilsynet.no/om-datatilsynet/kontakt-oss/klage-til-datatilsynet/

ኣገልግሎት ምኽሪ ተቛጻጸርቲ መዚ ሓበሪታታት/datatilsynet: (+47) 22 39 69 00.

## ናተይ መዘኻኸሪታት

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ተዋሂብዎ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ክግበር ይኽእል። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025